# ኮቪድ-19 ቫክስ ካርድ / MyIR Mobile ተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

**ቫክስ ካርድ እንታይ እዩ፧**
Vax Card (ቫክስ ካርድ) ወግዓዊ መዝገብ ናይ ኮቪድ-19 ክታበትኩም እዩ። ኣብ እዋን ክታበት፡ ካርድ ተቐቢልኩም ክትኮኑ ኣለኩም ካብ Centers for Disease Control and Prevention (CDC, ማእከላት ምቁጽጻርን ምክልኻልን ሕማማት) ምስ ናይ ኮቪድ-19 ናይ ክታበትኩም ዕለት(ታት) ከምኡ'ውን ዓይነት ክታበት። ካርድ እንተ ዘይቀቢልኩም ወይ እንተጠፊኡኩም፡ ክታበት ከምዝተዋሃብኩም ከተርእይሉ እትኽእሉ ካልእ መገድታት ኣሎ (ሕቶታትን መልስታትን ኣብ ታሕቲ ርኣዩ)።

**ወግዓዊ መዝገብ ክታበት ዝቖጸር እንታይ እዩ፧**
እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ናይ ወግዓዊ መዝገብ ክታበት እዮም፡

- ናይ ሂወትኩም ምሉእ ናይ ክታበት መዝገብ /CDC ኮቪድ-19 Vax Card
- ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን Immunization Information System (ናይ ክታበትሓበሬታ ኣገባብ) ተሓቲሙ ዝወጸ
- MyIR (እንግሊዝኛ ጥራይ) ተሓቲሙ ዝወጸ (ወይ ብቴሌፎን ዝተሳእለ ወይ ወረቐት ምስክር ናይ ውሕስነት)
- My IR Mobile (እንግሊዝኛ ጥራይ) ምስክር ወረቐት ክታበት ኮቪድ-19
- ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ እተሓትመ ሕክምናዊ መዝገብ ካብ ኣቕራቢ ሕክምናኹም

ናይ ባዕልኹም ቫክስ ካርድ ክትሰርሑ ኣይትኽእሉን ኢኹም፡ ምኽንያቱ ወግዓዊ ተቐባልነት ኣይክህልዎን እዩ። ወግዓዊ መዛግብቲ፡ ኣብ እዋን ክታበት፡ ብመገዲ ሕክምናዊ ኣቕራቢኹም ዝወሃቡ ዝተረጋገጹ ሰነዳት ወይ ብመገዲ MyIR ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ናይ ኣገልግሎት ወደብ ዝወሃብ እዩ።

**ቫክስ ካርደይ ብኸመይ እየ ክዕቅቦ ዘለኒ፧**
ቫክስ ካርድኹም ኣብ ውሑስ ቦታ ክትገብርዎ ይግባእ። እዚ ናይ ልደት ምስክር ወረቐትኩም ወይ ፓስፖርትኹም ከም ዝኾነ ጌርኩም ሕሰብዎ። ስእሊ ክትወስዱ፡ ቅዳሕ ክትገብሩ፡ ነቲ ቅዳሕ ክትጥርዝዎ (ነቲ ኦሪጂናል/ቀንዲ ዘይኮነ)፡ ወይ ካልእ ስጉምትታት ወሲድኩም ቅዳሕ ከም ዘለኩም ከተረጋግጹ ትኽእሉ ኢኹም።

ነቲ ናይ ቫክስ ካርድኹም ብግቡእ ክትጥቀምሉ እንተ ደሊኹም፡ ነዚ ንስድራ-ቤትኩምን ንፈተውትኹምን ኸተካፍልዎም ትኽእሉ ኢኹም። ብቛንቛኹም ዝተዳለወ በራሪ ወረቐት ንምርካብ ኣብዚ ጠውቑ ፡ (ኣብዚ እዋን እዚ ይርከብ ብ እንግሊዝኛ ከምኡ'ውን ስጳኛ)።

**ስለምንታይ እዩ ቫክስ ካርደይ ክዕቅቦ ዘሎኒ፧**
ቫክስ ካርድኹም ኮቪድ-19 ንምክልኻል ክታበት ከም ዝወሰድኩም መረጋገጺ ንምሃብ ቀሊል መንገዲ እዩ። ኣብ መጻኢ ንምጉዓዝ፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ንምኽፋል ከምኡ'ውን ኣብ መጻኢ ብዛዕባ ኣበርታዒ ዶዝ ሓበሬታ ንምውሳኽ፡ ናይ ክታበት መረጋገጺ ክድልየኻ ይኽእል እዩ።

ሕጂ ኣብ ዋሽንግተን ዝርከባ ብዙሓት ናይ ንግዲ ትካላት ነቶም ምሉእ ብምሉእ ክታበት ከም ዝተዋህቦም መረጋገጺ ዘቕርቡ ሰባት መተባብዒ ይህባ ኣለዋ። እዚ ከኣ ከም ምጉዳል ዋጋ፡ ነጻ ምጠዋ ወይ ንሓደ ፍጻመ ፍሉይ ኮፍ መበሊ፡ የጠቓልል።

**ክታበተይ ክረክብ ከለኹ ናይ ቫክስ ካርድ እንተዘይተዋሂበ እንታይ ክገብር እኽእል፧**
ናይ ኮቪድ-19 ክታበት(ታት) ምስረኸብኩም ናይ ቫክስ ካርድ እንድሕር ዘይረኺብኩም ንወሃቢ ክታበት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ከምኡ'ውን ናይ ኮቪድ-19 ናይ ክታበት መዝገብኩም ኣብ ኢንተርነት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም ኣብ [www.MyIRMobile.com](http://www.MyIRMobile.com) (እንግሊዝኛ ጥራይ) ከምኡ'ውን ናይ ነጻ መዝገብ ክትከፍቱ ትኽእሉ።

**ቫክስ ካርደይ እንተ ኣጥፊኤዮ እንታይ ክገብር እኽእል፧**
ናይ ቫክስ ካርድኹም እንተጠፊኢኩም እሞ ብናይ ጥዕና ኣቕራቢኹም ኣቢሉ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ወግዓዊ መረጋገጺ ምርካብ ትኽእሉ ወይ መዝገብ ብምኽፋት ኣብ [www.MyIRMobile.com](http://www.MyIRMobile.com) (እንግሊዝኛ ጥራይ)።

**እንታይ እዩ MyIR Mobile፧**
MyIR Mobile ኣብ ኢንተርነት ዝተመስረተት መርበብ ሓበሬታ ኮይኑ፡ ሰባት ናብቲ ወግዓዊ ናይ መንግስቲ መዝገብ ክታበቶም ክኣትዉ ዕድል ይህብ። መዝገብ ክተዳሉ ትኽእሉ ኢኹም ኣብ [www.MyIRMobile.com](http://www.MyIRMobile.com) (እንግሊዝኛ ጥራይ)።

ብኽብረትኩም ነዚ ዘክሩ MyIR Mobile ኣብዚ እዋን እዚ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ጥራይ ዝተወሰነ እዩ። ናይ ቋንቋ ሓገዝ ንምርካብ ወይ መዝገብ ንምርካብ ተወሳኺ ሓገዝ ንምርካብ ንናይ ክፍሊ ሃገር ዋሽንግተን ክትድውሉ ትኽእሉ። Office of Immunization and Child Profile (ቤት-ጽሕፈት ምክልኻል ከምኡ'ውን ናይ ቆልዑ ንድፊ) ኣብ ስሩዕ ናይ ስራሕ ሰዓታት ናብ (360) 236-3595 ወይ ብኢ-መይል ርኸቡና ኣብ [waiisrecords@doh.wa.gov](mailto:waiisrecords@doh.wa.gov)።

**ናይ ኮቪድ-19 ናይ ውላደይ መዝገብ ክታበት ብኸመይ ክረኽቦ ይኽእል፧**
ውሉድካ ናይ ገዛእ ርእሱ ቫክስ ካርድ ኣብ ግዜ ክታበት CDC ክቕበል ምተገብኦ ነይሩ። ነዚ ካርድ እዚ ልክዕ ከም ናትኩም ዓይነት ብድሕነት ዓቂብኩም ክትሕዝዎ ጽቡቕ እዩ። ዝርዝር ናይ ምዕቃብ ኣማራጺታት ኣብ ላዕሊ ተመልከቱ።

ውላድካ እንድሕር ዘይብሉ CDC ቫክስ ካርድ፡ ወግዓዊ ቅዳሕ ብናይ ህጻናት ሓኪሞም ወይከኣ ብናይ ክታበት ኣቕረብቲ ምርካብ ትኽእሉ ኢኹም። ብተወሳኺ ናይ ስድራ-ቤት መዝገብ ከተቐሙ ትኽእሉ ኢኹም ኣብ [www.MyIRMobile.com](http://www.MyIRMobile.com) (እንግሊዝኛ ጥራይ) ናይ ውላድኩም ውልቃዊ ሓበሬታ ድማ ናብቲ ናትኩም ወስኽዎ።

**ካብ ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን ወጻኢ እንድሕር ተኸቲበ፧**
ኣብ ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን ክታበት እንተዘይወሲድካ፡ ናይ ክታበት መዝገብካ ኣይተንጸባረቐን ይኸውን ኣብ MyIR Mobile። ብኽብረትኩም ካልእ መረጋገጺ ናይ ክታበት ኮቪድ-19 ከም ዘለኩም ኣረጋግጹ ብወሃቢ ኣገልግሎት ጥዕናኹም ኣቢሉ፡ ከም ናትኩም CDC ቫክስ ካርድ ወይ ካልእ ዝተረጋገጸ መዛግብቲ

ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ክታበት እንተዘይተዋሂብኩም፡ ብኽብረትኩም ካብ ሃገርኩም ናይ ክታበት ወግዓዊ መረጋገጺ ውሰዱ።

## ኩሉ ናይ ክታበት መዝገበይ ናተይ ወይ ናይ ስድራይ (ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ጥራይ ዘይኮነ) ከመይ ገይረ እረኽቦ፧

ምሉእ ዝርዝር ናይ ክታበት መዝገብ ንዓኹምን ንስድራ-ቤትኩምን ክትውከሱ ትኽእሉ ወይ ንናትኻ መባእታዊ ናይ ጥዕና ክንክን ወሃቢ ወይ መዝገብ ክተዳልው ትኽእሉ ኣብ wa.MyIR.net (እንግሊዝኛ ጥራይ)።

ንሓገዝ ቋንቋ ወይ ተወሳኺ ሓገዝ መዝገባትኩም ንምርካብ፡ ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም ናብ ናይ ክፍለ ሃገር ዋሽንግተን Office of Immunization and Child Profile (ቤት-ጽሕፈትክታበት ከምኡ`ውን ሓጺር ታሪኽ ህይወት ቆልዓ) ኣብ ልሙዳት ሰዓታት ስራሕ ኣብ 360-236-3595 ወይ ተወከሱና ብኢሜይል ኣብ waiisrecords@doh.wa.gov።

DOH 348-819 June 2021
እዚ ሰነድ'ዚ ብኻልእ ቅርጺ ክውሃበካ ንምጥላብ ናብ 800-525-0127 ደውል። ጽሙማን ወይ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለኩም ዓማዊል ብኽብረትኩም ናብ 711 ደውሉ (Washington Relay) ወይ ናብ civil.rights@doh.wa.gov ኢመይል ስደዱ።